# ኣገዳስነት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን፣

# ህሉውኹነታት ደምባ ተቓውሞ

ኣብ ዝሓለፈ 3 ዓመታት ኣብ ክልል ትግራይ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ኣንጻር ወያኔ ኣብ ዝወለዖ ኹናት መንግስቲ ኤርትራ እውን ብገለ ወገናት ኣብ መጀመርያ ክከሓድ እኳ እንተ ነበረ ፣ ኣብ መወዳእታ ግን ብጉሁድ ተሳቲፉ ከምዝነበረ ብርክት ዝበሉ ሚረጋገጺታት ተረኪቦምሉ እዮም ። እቲ ኹናት ብማሰረቱ ብኣቶ ኢሰያስን ኣፈወርቅን ፣ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ኮረነል ኣቢይ ኣሕመድን ዝተጠጀኤ ምንባሩ ንኩሉ ብሩህ እዩ ። እዚ ዘይተደልያ ኹናት ኣብ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያ ብፍላይ ከኣ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ብዙሕ ኪሳራ ኣብ ህወት ሰብን ንብረትን ኣስዒቡ እዩ ። ኣብቲ እዋን እቲ ዝበዝሑ ማዕከናት ዜና ኤርትራውያን ብትግርኛ ዝቀርቡ ብዘይካ ማትያት ቤትና ንሰራዊት ኤርትራ ፡ ዕሱብ ስራዊት ፡ ኣራዊት ሰራዊት እናበሉ ክሳብ ጎሮሮኦም ዝልሕትት ክጻረፉ ተዓዚብና ።

ገለና ትርጉምወተሃደርን ኹነታት ኤርትራዊ መንእሰይ ኣብ መዋእል ህግደፍ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ዓገብ እዚ ጸርፍታት እዚ ነዚ ብዘይ ድልየቱ ተገዲዱ እተዓስከረ መንእሰይ ኣይግብኦን እንተ በልና ወዮ መደበራት “ ትግራይ ትስዕር “ ሕንኽ ከይበላ ጸርፈን ደኣ ቀጸላ ። ሓደ ነገር ክርድኣና ዘሎዎ ህግደፍ ጽባሕ ክሓልፍ እዩ ፡ እቲ ሰራዊት ግን ንኤርትራ ኣብ ምክልኻል ክቅጽል እዩ ። ብካልእ ኣዘራርባ ንሓድነትን ልዑላውትን ኤርትራ ውሕስነት ዝህብ እንኮ ውዱብ ሓይሊ እዩ ። እቶምንሓይልታ ምክልካል ኤርትራ ክጸርፉ ዘይሓነኹ መደበራት ዜና ሕጂ ከኣ ሰራዊት ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ህግደፍ ስጉምቲ ክወስድ ክጽውዑ ይስምዑ ኣለው። ከመይ ዝኣማሰሉ ስግንጥራት ምዃኖምበዚ ክበርሃልና ይክእል ።

ብዝኾነ እዚ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ብልፍንቲ ሓልታት እተካየደ ኹናት፣ ኣብ መንጎ ኤርትራውያን ብዙሕ ዓሙቅ ፍልልያት ፈጢሩ ፡ ሕጂ እውን ይቅጽል ኣሎ። ደምባ ተቓውሞ ፍልልያቱ ኣብ ክንዲ ምጽባብ ፍልልያቱ እናገፍሔን እናዓሞቀን ሚጺኡ ይርከብ ። ካብ ነዊሕ ግዜ ጀሚሩ ናይ ኣመንቲ ምስልምና ፖሊቲካውያን ውድባት ክህሉዋ እንከለዋ ፣ ብመንጽር ናቱ ከኣ ናይ ትግራይ-ትግሪኚ ስነ ሓሳብ ዘዋፍሩ ፡ ኤርትራ ናይ ተዘረብቲ ትግሪኚ ሃገር እያ እናበሎ ጎስጓስ ዝገብሩ ኣብ ኤርትራን ትግራይን እውን ነይሮምን ሕጂ እውን ኣሎው። እዚ ብተዘረብቲ ትግሪኛ ተወዲቡ ዘሎ ናይ ሰላምዋዓላ እንተ ኾነ እውን ሓደ ሚርኣያ ናቱ እዩ ። ምኽንያቱ ናይ ህዝቢ ኤርትራን ትግራይን ተባሂሉ ክጽዋዕ ማሰረት የብሉን ። ኤርትራ ናይ ብዙሓት ብሔራት ሃገር ምዃና ስለ ዘይፈልጡኣይኮነን ፡ እንታይ ደኣ ጸበብትን ተበለጽትን ስለ ዝኾኑ ጥራሕ እዮም። ሚእቲ ግዜ ዋዓላ ሰላምይግበሩ ንሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ከፍርሱሕልሚጥራሕ እዩ ። ዋዓላ ሰላምህዝቢ ኤርትራን -ትግራይን እናበልኻ ዝኹሓል ዝምብዕ ትረኻኮቶ ናይ ትግራይ-ትግሪኚ ቀይሕ ባሕሪ እተውንን

መንግስቲ ተጋሩ ንምምስራት ኾንቱ ድኻም እዩ ። ህዝቢ ኤርትራ ብሓባር ናይ ዘመናት ቓልሲ ኣንጻር ባዕዳዊ መግዛእትን ፣ ንሃገራዊ ነጻነት ብሓባር ዝኸፈሎ ማስዋእትነት ሓድነቱ ከምሓጺን ተሪር ምዃኑ ክርድኣና ይግባእ ።

በቲ ካልእ ሓድነት ደማባ ተቓውሞ ክድልድል ዘይምካኣሉ ሽግር ናይ ሓደ ሃይማኖት ወይ ሓደ ብሔር ኣይኾነን ። ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ ኩልና እነበርክቶ ኣሉታዊ ጎንታት ኣሎና ። ሓደ ወገን ሓደ ስጉምቲ ምስ ወሰደ ፣ እቲ ካልእ ከኣ ግብረ ሜልሲ ክህብ ናቱ ኣንጻራዊ ስጉምቲ ይወስድ ። ስለዚ ነዚ ከምዚ ዝኣማሰለ ምዕብልናታት ለባማት ተረኪቦም ከይሰዕረረ እንተ ዘይፍትሑዎ ከይተረደኣና ኣብ መጻኢ ኣብ ደማዊ ኹናት ክጸምደና ይክእል ይኽውን ።

ንኣብነት ኣብዚ ዝሓለፈ ሰሙን ነዚ ኣብ ላዕሊ ጠቂሰዮ ዘሎኹ ፍርሕታተይ ዘራጉድ ሓደ ምንቅስቓስ ከምእተማስረተ ይሕበር ኣሎ። እዚ ምንቅስቓስ እዚ “ ምንቅስቓስ ኣዳል “ ተባሂሉ ከምእተጸወዔ እቶም እመናት ምንጭታት ይገልጹ ። ኣቦውክምስሉ እንከለዉ“ ሽምይሚርሕ ጥዋፍ ከኣ የብርህ ” ይብሉ ። “ “ኣዳል “ ዝብል ሽምይውሰድ ወይ እውን ናይ ደቂ ሜታሕት ይብሃል ፡ ዘይሩ ዘይሩ ኣውንታዊ ተራ ክህሉዎ ምጽባይ የዋህነት እዩ ። ምኽንያቱ እዚ ምንቅስቓስ እዚ ናይ ሓደ ውሱን ከባቢ ምንቅስቓስ ምዃኑ ዘጠራጥር ኣይኾነን ። እዚ ስለ ዝኾነ ብደረጃ ሃገር ክሓስብ ውዳቤኡ ኣይፈቅደሉን ፣ ኩልና ከምእንፈልጦ ኣብ ታሪክና ተሓኤ ከምኡ እውን ህግሓኤ ክልኦት ምንቅስቓሳት እውን ከምኡ ፡ ብሓፈሻ እቲ ቓልሲ ንኹሎምዜጋታት ብዘይ ኣፋላላይ ኣብ ቓልሲ ዝዕድምኣስማት ክወሃብ ጸኒሑ፡ እዚ “ ብምንቅስቓስ ኣዳል “ተወዲቡ ዘሎ ኣካል ግን ፡ ናይ ካልኦት ከባቢታት ዜጋታት ምስኡ ክቓለሱ ምቹእ ባይታ ዝከፍት ኣይኾነን ። ስለዚ ነቲ ከብሳን ሜታሕትን ክብሃል ዝጸንሔዘይምትእምማን ከራጉዶ ምዃኑ ዘጠራጥር ኣይኾአን ።

እምበኣር እዚ ምንቅስቓስ እዚ ክፍጠር ዝተደልየሉ ምክንያት ከምናተይ ርድኢት ፡ ነዚ ናይ ትግራይ-ትግሪኚ ሓይሊ ንምውዳን እምበር ካልእ ሓንቲ ምክንያት የብሎምን። ኣባላቶምከኣ ካብ ሓደ ሃይማኖትን ሓደ ውሱን ከባብን ካብ ምዃን ዝሓልፉ ኣይኾኑን ። ደቂ ሰባት ካብ ካሊእ ወገን ፍርሒክሓድሮምእንከሎ ናይ ግድን ክውደቡ ብህርያዊ እዩ ። ኣብዘን ዝሓለፋ ሰለስተ ዓመታት ካብ ‘ትግራይ ትስዒር” ጀሚርካ ፡ ብሩህ መጻኢ ፣ ፈልሲ ፡ ዋዓላ ሰላምኤርትራን ትግራይን ፡ ዝብሉ ባእታት ፡ ሕጂ ከኣ ኩሎም ብሓባር ተጠቓሊሎም “ ብሪጌድ ንሓመዱ “ ኣብ ዝብል እዋናዊ ጨርሖ ተኣኻኺቦም ኣሎው ። እዚ ማለት “ ገለ ኣባላት ብሪጌድ ንሓመዱ“ ኣብ ጉዳይ ሓድነትን ልዑላውነትን ህዝቢ ኤርትራ ዘሎዎ ሚገጽ ዝፍለጥ እኳ እንተኾነ ኩሉ እቲ ምትእክካብ ሓደ ሚገጽ ኣሎዎ ክትብል ኣሸጋሪ እዩ። ምኽንያቱ ፈልሲ ፡ ብሩህ መጻኢ ፡ ውሓኤ ትግራይ ትስዒር ፡ ትግራይ-ትግሪኚ ፡ ወፍሪ ሰላም፡ እቲ ኩሉ ኣብ ጎኒ TDF ምዃኖምዝጨፈሩዎ ዝነበሩ ጨፈሩታት በየን ኣበለ ? ፖሊቲካዊ ሚገጽካ ከምነፋሒቶ ወግሔጸብሔ ምቅይያር ተኣማኚ ሜራሒ

ኣይገብረካን ። እዚ ጉዳይ እዚ ንብዙሓት ዜጋታት ክደናግር ናይ ግድን እዩ ። ስለዚ ሞርሕነት ብሪጌድ ንሓመዱ ኩሉ ኤርትራዊ ክሳተፎ ነዚ ሸፍንፍን ኢሎ ዘሎ ዝምድናታት መብርሂ ክህበሉ ይግባእ ። ከም ርዱእ ኤርትራውያን መንእሰያት ኣዕንቶምን ኣእጋሮምን ምእንቲ ተጋሩ ትግራይ ክስእኑ ይገብርዎም ኣሎዉ ዝብል እምነት የብለይን ። እንተኾነ እቶም ኩሎም ኣብኡ ተሰግሲጎም ዘለዉ ባእታት ቅሳነት ዝህቡ ኣይኮነኑ

ስለዚ ኣብ ከምዚ ዝኣማሰለ ኩነታት ዘሎ ደምበ ተቓውሞ፡ እቲ ቅዋምዘይብሉ ጉጇለ ህግደፍ ክፈርስ እንተ ጀሚሩ ዋሕስ ህዝቢ ኤርትራ ክኸውን ዝክእል “ ምክልካል ሓይልታት ኤርትራ ጥራሕ እዩ ። ስለዚ ንምክልኻል ሓይልታት ኤርትራ ካብ ምጽራፍን ምንሻውን ንቆጠብ!

ዓወት ንኤርትራዊ ንሃገራዊ ሞገጽ !

ውድቀት ንትሕቲ ሃገራውነት !

ክብሮምግረነት

9/29/23